SLPPI

service de logopédie, psychologie
et psychomotricité intercommunal

Tigrinya

## ንመን ይምልከት

ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት፣ ናይ ስነ-ኣእምሮን ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ፡ ኣገልግሎት ዝወሃብ ካብ 1H ክሳብ 11H ንዘለው ተማሃሮ እዩ። ቤት-ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት፣ ቤት-ትምህርቲ መባዕታን ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ (école enfantine-école primaire-CO)

## ኣገልግሎትና

### ስነ-ኣእምሮ La psychologie

ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይም ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጸገም ንዘጋጥሞም ተማሃሮ ይሕግዙ፡

- ኣብ ምምሃር፡ (ምንባብ፣ ምጽሓፍ፣ ምዝካር፣ ምስትውዓል ወዘተ)
- ኣብ ባሕርያት፡ (ምሕፋር፣ ምውዓይ ወዘተ)
- ኣብ ነብስኻ ምቁጽጻር፡ ስምዒት ምሕዳእ
- ኣብ ርክብ ምስ ሰባት፡ (ምቑጣዕ፡ ምትሕርራም፡ ንካልኦት ተማሃሮ ምንጻግ)
- ኣብ ስድራ-ቤት፡ (ርክብ ምስ ወለዲ፣ ርክብ ምስ ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ዝተፋትሑ ወለዲ፣ ሓዘን ወዘተ )
- መበቆል ናይ'ቲ ጸገም ብዝግባእ ብምርዳእ ምድላይን ምፍላጥን

ብዛዕባ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይም ክንፈልጦ ዘለና ኣገዳሲ ነገር ፡

- ሓሳብ ወይ ርእይቶ የቕርቡ እምበር ውሳነ ኣይህቡን
- ብዙሕ ስቓይን ዝተሓላለኸ ነገራትን ብምፍታሕ ክሕግዙ ይኽእሉ
- ንተማሃሮ ኣብ ምክትታል ትምህርቶም ክሕግዙዎም ይኽእሉ
- ንወለድን ንመምህራንን ምኽሪ ክህቡ'ውን ይኽእሉ
- ብተወሳኺ ምስ ወለዲ ንኽራኸቡን ሓሳብ ንኽለዋወጡን ቁሩባት እዮም

### ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ La psychomotricité

ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጸገም ንዘጋጥሞም ተማሃሮ ይሕግዙ፡

- ኣብ ምንቅስቓስ፣ ኣብ ምምዛን፣ ኣብ ምውህሃድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ወዘተ
- ጻዕሪ፡ (ዛሕልታት፣ ዘይንጡፍ፣ ብኣንጻሩ ከኣ ኣዝዩ ንጡፍ፣ ሓጎጽጎጽ፣ መዕገርገሪ)
- ምግልባጥ፡ (የማንን ጸጋምን ዝሓዋውስ፣ ብየማን ወይ ብጸጋም ንምጽሓፍ ዝሽገር)
- ኣቐማምጣ ቦታ ምርዳእ፡ (ንሓደ ስዕሊ ወይ ቕርጺ ክቐድሕ ዘይኽእል፣ ካርታ ምንባብ ዝሽገር)
- ኣገላልጻ ግዜ ምርዳእ፡ (ቅድምን ድሓርን ዝሓዋውስ፣ መዓልትታትን ሰሙናትን ዝሓዋውስ፣ ረምታ ዝሓዋውስ)
- ምጉዳል ነብሰ-ምትእምማን
- ምጭሕጋር፡ (ከምዝንበብ ብግቡዕ ምጽሓፍ)
- ነብስኻ ምቝጽጻር፡ ስምዒት ምሕዳእ

### እሩም ኣዘራርባ ቓላት La logopédie

ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት ሓኻይም (Les logopédistes) ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ጸገማት ንዘጋጥሞም ተማሃሮ ይሕግዙ፡

- ብ ቋንቋ ኣደ ከምኡ'ውን ብቋንቋ ፈረንሳ ንኽዛረቡ ዝደንጎዩ (ኣብ ግዚኦም ኣፎም ዘይፈትሑ)
- ኣብ ገለገለ ቓላታት ወይ ድምጽታት ብግቡእ ከድምጹ ዝሽገሩ
- ሙሉእ ሓሳብ ንምግላጽ ዝሽገሩ
- ኣብ ምምሃር ሓድሽ ቓላት ዝሽገሩ
- ዝተዛረብካዮም ንምርዳእ ዝሽገሩ
- ኣብ ዘረባ ባእባእ ዝብሉ
- ኣብ ምምሃር ምንባብን ምጽሓፍን ዝሽገሩ
- ኣብ ምቅዳሕ ጽሑፍን ቓላትን ዝሽገሩ

Route de Moncor 14
1752 Villars-sur-Glâne

www.slppi.ch
026 407 38 62
administration.slppi@edufr.ch

- ሕሳብ ንምርዳእ ዘሸገሩ
- ኣብ ምሕያኽን ምውሓጥን ዘሸገሩ
- ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት ሓኻይም፣ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይምን ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም ምስጢር ብምዕቓብ እንዳሰርሑ ኣገዳሲ ሓበሬታታት ንመምህራን ኸሕብሩ እንተደልዮም ብፍቓድ ወለድታት ጥራይ እዩ።

## ብኸመይ ንሓትት

- ናይ እሩም ኣዘራርባ ቃላት ሓኻይም፣ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይምን ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም ሓገዝ ንምሕታት፡ ኣብ ሲት ኢንተርኔት www.slppi.ch ወይ ኣብ ሲት ኢንተርኔት https://www.fr.ch/dics/formation-et-ecoles/4-15-ans/services-de-logopedie-psychologie-et-psychomotricite ዝርከብ ቅጥዒ ምምላእ ኣድላይ እዩ።
- ነዚ ቕጥዒ ንምምላእ ናይ ቤት-ትምህርቲ መምህራን ወይ ከኣ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቴራፒስት ከመይ ከምዝምላእ ክትሓቱ ትኽእሉ።
- ብምቕጻል ንዘመላእኹሞ ቅጥዒ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ትሰድዎ።

  SLPPI
  Rte de Moncor 14
  1752 Villars-sur-Glâne

- ዝሓተትኹሞ ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት ሓኻይም፣ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይምን ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም ሓገዝ ብመንገዲ SIPLP ተቐባልነት እንተረኺቡ፡ ትረኽብዎ ኣገልግሎት ብናጻ ኾይኑ፡ ናይ ቕቡልነት መረጋገጺ ከኣ ብጽሑፍ ይበጽሓኩም። ንናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላትን ንናይ ስነ-ኣእምሮ ሓገዝ ንምርካብ ናብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቴራፒስት ባእልኹም ክትሓቱ ይግብኣኩም። ንናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓገዝ ንምርካብ ከኣ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቴራፒስት ባዕሎም ይሓቱልኩም።

## ኣተገባብራ

- ብሓፈሻ፡ እዞም ቴራፒስት፡ ነቲ ኩነታት ብምምዛንን ብምግምጋምን ደረጃኡ ይመዝኑ። ብዝረኸብዎ ውጽኢት ጸብጻብ መሰረት ብምግባር ድማ ግቡዕ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ሓሳብ የቕርቡ።

## ኣስተርጓሚ

- ቋንቋ ፈረንሳ ክትዛረቡን ክትርድኡን ዘሸግረኩም እንተኾይኑ እዞም ቴራፒስት፡ (ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት ሓኻይም፣ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይምን ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም)፡ ኣስተርጓሚ ከዳልውልኩም ይኽእሉ።

## ናይ ደቕኹም ቤት-ትምህርቲ ቴራፒስት፡ ( ቤት-ትምህርቲ Noréaz-Corserey-Prez)

- ኣድላይ ሓበሬታ እንተደሊኹም፡ ብቐጥታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ክትረኽቡ ትኽእሉ፡

ማዳም/Madame Lola Faure, Madame Inès Deyres, ናይ እሩም ኣዘራርባ ቓላት ሓኻይም (logopédiste) ብ ቑ/ስልኪ 026 470 02 21 / 026 470 04 32.
ማዳም/Madame Sophie Pabst, Madame Nadine Bühler ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኻይም (psychologue) ብ ቑ/ስልኪ 026 470 04 32.
ማዳም/ Madame Marie Di Martino, ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም (psychomotricienne) ብ ቑ/ስልኪ 026 407 38 63

ናይ ስነ-ኣእምሮ ዘይሚዛናዊ ትእዛዝ ሓኻይም ቤት-ጽሕፈቶም ኣብ ቪላር-ሱር-ግላን፡ ወይ ከኣ ኣብ ቤት-ጽሕፈት SLPPI ብ ቑ/ስልኪ 026 407 38 62 ይርከቡ።

Avec le soutien de

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

ETAT DE FRIBOURG
STAAT FREIBURG

Bureau de l'intégration des migrant-e-s
et de la prévention du racisme IMR
Fachstelle für die Integration der MigrantInnen
und für Rassismusprävention IMR